# ግፍዒ ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ልዕሊ
# ኤርትራን ህዝባን

## ራብዓይ ክፋል

## ዘይተመጣጠነ ክብሪ ሰባት ኣብ ህንጻ ሃገር


ምስ ህዝቢ ዘይተዛመደ ህንጻ ሃገር
ሰላም ዘይብሉ ህንጻ ሃገር
ራህዋ ዘይብሉ ህንጻ ሃገር
ፍትሒ ዘይብሉ ህንጻ ሃገር
ህዝቢ ዘይረብሓሉ ህንጻ ሃገር


ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ክፋላት ኣብ'ቲ ኣገደስቲ ጉዳያት ሕብረተ ሰብና ብፍላይ ኣብ ዘይፍትሓውን ዘይተመዓራረየን ቁጠባዊ ሽኻኽ ማዕረ ክንደይ ንህዝብና ጎዲእዎን፡ ንድሕሪ ክመልሶ ዝጸንሐ ገና ዝፈታተኖ ዘሎ እንታይ ምዃኑ ገገለ ጠንቅታት ከም ሳዕቤናቱ ከኣ ኣብ ህዝብን ዝወረደ ከቢድ ሽግር ክንርኢ ኪኢልና።

ኣብ ሳልሳይ ክፋል'ዚ ጽሑፍ ብርክት ዝበለ ስእልታት፡ ንብሙሉእ'ኳ ዘይኮነስ ነቲ ሓደ ሓደ ከመሳኸር ዝኽእል ኩነታት መነባብሮ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ንዘሎ ግፍዕታት ዝገልጽ ተግባራት ሰፊሩ ይርከብ። ኣብ ትሕቲ ነፍሲ ወከፍ ስእሊ ከኣ ርእሱ ዝኸኣለ ኣርእስቲ መግለጺ ናይ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ምንጪ ምኹኑ፡ እዩ ከኣ። ይኹን'ምበር እቲ ስእልታት'ውን ኣካል ድርሰት ኮይኑ ውሑድ ዘይኮነ ሓበሬታ ንህዝቢ ከመሓላልፍ ስለ ዝኽእል፡ ህዝቢ ንክርድኦ ብዙሕ ዘጸግም ኣይኮነን። ከም መቐጸልታኡ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእልታት'ውን፡ እቲ ሓደ ብናይ ልምዓትን ህንጻን ዝካየድ ወፈራ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ኣብ ምድረበዳታት ንስደት ዘምርሑ መንእሰያት ዘርኢ ስእሊ'ዩ።



ብብዝሕን ተደጋጋምን ምረት ናብራ፡ክጸወሩ ዘይከኣሉን ከኣ ብዘይድሌቶም ንስደት ዘምርሑ መንእሰያት ውጽኢት ግጉይ ፖሊሲ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ'ዩ።




ህዝቢ ብኣስገዳድን፡ ብምኽንያት ህንጻ ሃገርን፡ መሰሉ ተነፊጉ፡ እቶም ዝገደፎም ህጻናት ከኣ ግዳይ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሳልሳይ ክፋል ተርእዮ ጥሜትን ኮይኖም።

ብኣካይዳ ህ.ግ.ዲ.ፍ እኩብ ድምርን ትንፋስ ዘይህብ፡ ፍትሒ ዘይብሉ ዝርከብ ህዝባዊ ረብሓ ሓንቲ የልቦን። ከም ውጽኢት ናይ ከም'ዚ ዓይነት ውጥን ኣሰራርሓ እዚ ከኣ ሎሚ ህዝብና ዝርከቦ ዘሎ ኩነታት መነባብሮ 'ዩ።

ኣብ ህንጻ ሓንቲ ሃገር መባእታዊ ሓመድ ሑጻን ዘይኮነስ፡ እቲ ህዝቢ'ዩ። መሰረት ህንጻ ሃገር ሓይሊ ጉልበት፡ ፍልጠን ገንዘብ ሰባት ካብ ኮነ እቶም ሰባት ከም ሰባትን ብልዑል ኣድላይነቶም ኣብ ህንጻ ከኣ ክኽበሩን መሰሎም ሕሉው ክኸውን ዝግባእ።

ክብሪ ሰባት ብሕጊ ሰፊሩ ክስርሓሉ ስለ ዘይረአ ድማ ግፍዒ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዓይነትን ተምሳል ዘለዎ ግፍዒታት ዘጋልጽ'ዩ። ሰባት ስለምንታይ ይሰርሑ፡ ሰባት ስለምንታይ ይሃንጹ ኣይኮነን'ቲ ቀንዲ ሕቶ። እቲ ሕቶ ብመጠን ናይ'ቲ ዝሰርሕዎ ብመጀመሪያ ክሕሎ ናይ ዘለዎ ጉዳይ ክብሮምን መሰሎምን'ዩ። ኣብ ኤርትራ ንደሞዝ መኽፈሊ ገንዘብ የልቦን፡ መነባብሪ ኣባይቲ ዋሕዲ ኣሎ፡ እንተዝበሃል ኮይኑ፡ ናይ'ቲ ህሉው ትሕዝቶ ይውሓድ ይብዛሕ ምዕሩይ ብጽሒት ክህሉ ኣለዎ'ዩ ተባሂሉ ዝሕተትን ንሞጎተ ዝቐርብ። ዝተመዓራርየን ዝተመጣጠነን ኣካይዳ ወይ ኣንፈት ስለ ዘይብሉ ግን እቲ ዝያዳ ዝሰርሐ ዝያዳ ዝዕመጽን ዝግፋዕን ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ከኣ እቲ ሕቶ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳ ዓበየ ይኸይድ። እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ከኣ ዝውንዖ ትሕዝቶን፡ ሓይሊ ስልጣን ስለ ዘይብሉ ተግባራት ዓመጽን ግፍዕን፡ ብመጠን እቲ ብዝሑ ይበዝሕ። ይቃላሕ ይስማዕን ይረአን።

እቲ ኣብ ህንጻ ሃገር ዝተዋፈረ፡ ዝጠምየሉን፡ እቲ ኣብ ህንጻ ሃገር ዝተዋፈረ ኣብ ስቃይ ዝነብረሉ ክብደት ሚዛኑ እንተዝምቢሉ፡ እቲ ህዝቢ ኣብ'ዚ ዓይነት ውጥን ህንጻ ሃገር ረብሓ ከም ዘይብሉ ብብሩህ የርኢ።

ኣብ ሓደ ሕብረተ ሰብ ንሓደ ፍሉይ ወለዶ፡ ብንውሓት ቃልስን፡ በቲ ካልኣይ ሸነኽ ከኣ ብንውሓት እታ ሃገር መሊኣ እትህንጸሉ መደብ ክጠሚ፡ ክዓርቕ፡ ሓሚሙ ደገፍ ዘይረኽበሉ ኮይኑ ክፍረድ ኣይትገብሮን"ካ። እዚ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ መዲብዎ ዘሎ ግን ነዚ ዝመስል መደብ ንሓደ ወለዶ ጥራሕ ዘይኮነስ ንብሙሉኡ ህዝቢ ሓንሳብ ፈርድዎ ኣሎ።

ኣብ መደብ ህንጻ ሃገር ፍትሒ ኣየድልን'ዩ፡ ኣብ መደብ ህንጻ ሃገር መንግስቲ ኩሉ መዳይ ግፍዕታት ክፍጽም ዝብል ሕግታትን ስርዓትን ኣብ ምልካዊ ምምሕዳር እንተዘይኮይኑ፡ ብደረጃ ዲሞክራሲያዊ ምሕደራ ዝተኸሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ናብኡ ገጹ ዝመጣጠር ምምሕዳራት'ኳ ብመጠኑ  መሰል ዜጋታት ክሕሉን ክከታተልን ዓብይ ሓላፍነት ኣለዎ።

ኣብ መደብ ህንጻ ሃገር፡ መደብ ህንጻ መሰልን ክብርታት ደቂ ሰባት ልዕሊ ዝኾነ ይኹን መንደቕን ቢንቶን ተገዳስነት ክህልዎ ዝግባእ ዝነበረ፡ ንህጻታት ዝግበር ጽምብል'ምበር፡ ንመሰላት ህዝቢ ዝግበር ጽንብል ይትረፍ ቢሒም'ሉ ብዛዕብኡ ዝዝረብ'ውን የልቦን።

ንምኳኑ ልዕሊ መሰል ደቂ ሰባት፡ ልዕሊ ክብሪ ደቂ ሰባት፡ ወግሐ ጸብሐ ብመራሕቲ ጉጅለ ህ.ግ.ዲ.ፍ ፡ ብከበሮብን እምብልታን ዕምበባን ሰትን ጽምብል ዝካየድ ሓጽብታት፡ ጽርግያታት፡ ክብሪ ሞሳ ናይ'ቲ  ህዝቢ ምኳኑ ተሪፉ፡ ናይ'ቲ ድሮ ደኒኑ ዝወፍርን ደኒኑ ዝኣቱን ኣብ ህንጻ ሃገር ዝርከብ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ብቀጻልነት ኣብ ከምኡ ሂወት ክናበር ዝግልገልሉ ሜላ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ክንደይ ሓጽባታትን ዒላታትን ዘይተፋሕረ፡ ክንደይ ጥሜትን ስእነትን ከኣ ብማዕሪኡ ዘይተራእየ።

ኣብ ኤርትራ ልዕሊ'ቲ ቁጽሪ ህዝቢ ዝተሃንጸ ኣባይቲ፡ ንቤተ መንግስታትን ምምሕዳራትን እንዳተባህለ፡ ህዝቢ ናይ ደም ዝረሃጸሉ ፍርያት ከይተኻፈለ ባዶ ኢዱ ተሪፉ ገና፡ ይደምን ይደክምን ኣሎ።

ብሕጽር ዝበለ እቲ ስርዓት ዝረብሓሉን፡ ንረብሓ ስልጣኑ ዝግልገለሉን ኣካይዳ'ዩ። ይትረፍ ካልእ ነዘን ዝሓለፋ 15 ዓመት እንተኾነ'ውን ስርዓት ህ.ግ.ዲ.፡ ብዝተሓደሰ ታሪኽ፡ ብምዕቡል ምሕደራ ኣብ ማህደር ታሪኽ ህዝብና ክሰፍራ ዘይምኳነን ካብ ሕጂ ክፍልጥ ይከኣል። እቲ ዕለታዊ ማህደር ታሪኽ ናይ'ቲ ኤርትራ ትህነጸሉ ዘላ ተባሂሉ ዝእወጅ ላህመት ወይ ዝተሸፈነ ዘይኮነስ፡ በቲ ልክዕ መጠኑ ዝሓለፎ ግፍዕን መከራን ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝኾነ'ዩ ዝፍልጥ።

እቲ መደብ ህንጻ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንህዝቢ ብዝጎድእን ዘዳኽምን መንገዲ ተወጢኑ፡ ንህዝቢ መሰሉን ክብሩን ብዝነፍግ ተግባራት ተወጢኑ። ንህዝቢ ብዝፈላልን ዘረሓሕቅን መደብ ተወጢኑ። ናይ ውሑዳት ዝቑጽሮም ብዛዕባ ኤርትራ ዝዛረቡን ዝሰርሑን፡ ዝበልዑን ዝሰትዩን፡ ዝርእዩን ዝረኣዩን ህ.ግ.ዲ.ፋዊ ጉጅለ ንምርባሕ'ዩ።

ኣብ ባህልና፡ ኣብ ተራ ወፈራ ዝርከብ ሰብ ክቡር ብምኳኑ፡ ወዮ'ኳ ደኣ ናይ'ቲ ፍሉይ ሓሊዮቱን፡ ተበግስኡን ሕያውነቱን፡ ክብሩ ተሓሊዩ ዝበልዖን ዝሰትዮን ይቐረበሉ፡ ድኻሙ ስርሑ ይረኣየሉን።

እዚ ሓንቲ ማንም ስድራ ቤት ትፈልጦ ሕጊ፡ ሕጊ ዓድን እንዳባን፡ ወይ ጸኒሓዊ ልምድታት'ዩ። ምእንቲ'ዚ ሓደ መንግስቲ ንህንጻ ሃገር'ሉ ክብገስ ብዛዕባ መሰል ክብርን ዜጋታት፡ ከማላኣሎም ዘለዎ ነገራት፡ ብጽሒቶም፡ ተራኦም፡ ኣገልግሎቶም፡ ክፈልጦን ብሕጊ ድማ ከኽብሮ ዘይፈልጦ ኮይኑ ኣይኮነን። እዚ ስለ ዝኮነ ከኣ ህብዚ ኣብ ትሕቲ ግፍዒም ይናበር ምህላዉ ዝግለጽን ዝዝረብን። ስለ'ዚ ከኣ ንቃወምን ንኹንን፡ ንወጽዓ ህዝቢ ከኣ ነቓልሕ።

ብኣንጻር'ዚ ስቓይ ህዝቢ መራሕቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ብስም ህዝባዊ ኣገልግሎት፡ ንረብሐኦም ዘውዓልዎ ጉልበት መንእሰያት፡ ኣባይቲ ውልቆምን ኣባይቲ ፈተውቶምን ክሃንጹ ክምዝምዝዎ ከም ዝጸንሑን፡ ኣንስቶም ዕዳጋ ከይወርዳ ንመንእሰያት ክግልገልሎም ከም ዝጸንሑ፡ ኣብ'ቲ ዘካይድዎ ስርሓት'ውብ ክንደይ ሓደጋ ከጋጥሞም ከም ዘይጸንሐ መሰሎም ክኽበረሎምስ ይረፍ ነታ ሂወቶም ውሕስነት ዘይረኸቡላ ኮይኖም ጸኒሖም ኣለዉ።

መራሕቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ፣ ገዛውቲ ተዓዲሎም፣ ናይ ስራሕ መካይን ተባሂለን ዝተመርጻ መካይን ተዓዲሎም፣ ኣውቲስታት ተዓዲሎም፣ ሽቐልቲ'ውን ተዓዲሎም፣ ሰብ ዘይፈልጦ ቢደ ወነንኦም ዝፍጽምዎ ከኣ ዘይተኣደነ ተግባራት ከም ዘሎ ዝተፈልጠ'ዩ። መራሕቲ ሰራዊት ኣብ ውሽጢ ግንባራት ዱኳናት ከፊቶም፣ ኣብ ክንዲ ዕጥቅን ስንቕን፣ ኣብ ክንዲ መድሃኒትን ደፍተርን ዝጽዕኑ፣ ንሽቐጦም ዘዋጽእ ገንዘቦም ዘኻዕብትሉ መቑጸሪ ዘይብሉ መስተ ተጻዒኑ ክጓረት ናይ ትማሊ ዝኽሪ ተግባራቶም'ዩ።

ፍጡራት ክነሶም፣ ልዕሊ ህዝቦም ብምቕት ተፈንጪሖም፣ ድላዮም ገቢሮም ዝሓድሮ፣ ድላዮም ረኺቦም ዝሓድሩ፣ ከም ሕሊሚ ኮይኑ ንኽትዛረቦ ዘሕፍር ግሁድ ህሉው ኩነታት ህዝብና'ዩ።

ኣብ'ዚ ከኣ ዓብይ ጋግ ኣብ መሰልን ማዕርነትን ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ዕብየትን፣ ቁጠባዊ ትሕዝቶን፣ ዘይተመጣጠነ ምኽኣ ብጭብጢ ዝቀርብ'ዩ። በዝን ከምእዝን ሓቂ ከኣ ህዝቢ ምስ ዳግማይ ህንጻ ሃገር ዝምድና ክህልዎ ዘይክእል። ዝተስርሐ ይሰራሕ፣ ዝፈረየ ይፍረ፣ ብዛይካ ናይ ተዓዛቢ ቦታ ካልእ ምቕሊት የብሉን።

ይቕጽል......

ክንዕወት'ና
16 ሚያዝያ 2007

ኣንቶንዮ ተስፋይ